ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

Eritrean Orthodox Tewahdo
MedhanieAlem kerk
Amstelveen -Amstelland
Holland.

8 ሚያዝያ 2014 ዓ.ም.ግ.
16 ሚያዝያ 2022 ዓ.ም.ፈ.
ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2014-307

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ ምስጋና

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ምእመናትን ምእመናንን

ብመጀመርታ ነቲ ልዑል ባህርይ ዘኹነ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ዘለዓለ ምስጋና እንዳ ኣቕረብና፡ ሕማም ኮሮና ከም ዛዕዛዕታ ሃፊፉ፣ እንቋዕ ናብ ዓመታዊ ክብረ-ብዓልና ጥንተ ስቅለት መድሓኔዓለም ብሰላም ኣፈጸመና። ነዚ ዝገበረ ጐይታና፣ መድሓኔናን ኣምላኽናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዳግም ዝኸበረን ዝተመስገነን ይኹን።

ብምቕጻል ኣብ'ዚ ክብረበዓል ደ/ሰላም መ/ዓለም ካብ ርሑቕን ካብ ቀረባን መጺኣም፡ ሰዓታት ቁይሞም፡ ብማህሌትን ብከበሮን ብጸናጽልን ኣብ'ዛ ደብሪ ሰላም ንመ/ዓለም ከገልግሉዎ ዝሓደሩን ዝወዓሉን ኣቦታት ካህናትን ዲያቆናትን እንዳ ኣምሰገንና እግዚኣብሔር ይበርኸልና ንብል። ብፍሉይ ከኣ ነዞም ኣቦታት ካህናትን ድያቆናትን ደ/ሰላም መ/ዓለም ጸጋኡ ኣብዚሑ ናይ ኣገልግሎት ዘመንኩም ይባርኽ ንብል። ኣዝዩ ደስ ዘብል ክበረበዓል ሰለዘሕለፍና ሓጉስና ወሰን የብሉን። እዚ ክብረበዓልና ስሙርን ጽፉፍን ኩይኑ ንኽፍጸም ዝጸዓርኩምን/ክንን ዘገልገልኩምን/ክንን ዋላ'ኳ ግቡእና ኢዩ እንተበልኩምን(ንን)፡ ዝለዓለ ምስጋናና ከንቕርበልኩምን(ንን) ንፈቱ።

ነዚ ሰናይ ነገር ብምግባርና ሰብ ይፈቱ ክርስቶስ ከኣ ይፈቱ ኢዩ'ሞ፡ ኣንትን ቅናት ኣደይ ማርያም ተቐኒትክን ዘይትፈትሓኣ፡ ብሕብረት እንዳተላዘብክን፡ ለይቲ ምስ መዓልቲ እንዳ ጸዓርክን ንመድሓኔዓለም ብምግልጋል፡ ኣጋይሽ ብፍሕሽዊ ገጽ ተቐቢልክን ብፍሕሽዊ ገጽን ሓጉስን ዘሰነኽንን እትሰንያን ኣዴታትን መንእሰያትን ኣሓት ደ/ሰላም መ/ዓለም ዓንዲ ሓጺን ይግበረክን። ንኹሉ መወዳድርቲ ዘይብሉ ዘርዚርካ'ውን ዘይውዳእ ኣገልግሎትክን፣ ወፈያታትክንን ምሩጽ ዝኹነ ህያባትክንን ኣብ ዓንደወርቂ ይጽሓፈልክን። ኣብ ጊዚ ሽግር ኣጆኹም እንዳበልክን እተዕጥቓ፡ ኣብ ጊዜ ሓጉስ ከኣ ዘይተኣደነ ደስታ እተሰንቓ፡ ብዘይምግናን ዝበሃል ዘሎ ኢዩ'ሞ፡ እግዚኣብሔር ኣብ ህይወትክን ምስ ስድራቤትክን እንዳ ተሓጉስክን፡ ንመድሓኔዓለም እንዳ ኣገልገልክንን እንዳ ኣመስገንክንን ብሰላም ንበራልና። በዚ ኣጋጣሚ ሰበኻ ጉባኤ ብኣዴታትን መንእሰያት ኣሓትን ደብረሰላም መ/ዓለም ብሓቂ ኩሩዕን ሕቡንን ምኳኑ ክገልጽ ይፈቱ።

ኣንቱም ኣቦታትን መንእሰያትን ኣሕዋት ደ/ሰላም መ/ዓለም ከኣ፡ ብፍሉይ ኣብ ኣገልግሎት ናይ'ዚ ክብረበዓልና፡ ካብ ምስራሕ ዳስ(ቴንዳ) ክሳብ ምልዓልን ምጽርራይን፣ መግብን መስተን ኣብ ምቕራብን ምዕዳልን፣ ኣቕሑት ምምልላስን ኣጋይሽ ምቕባልን ምስናይን፣ ሥርዓት ክኽበር ጸጥታን ሰላምን ክዓስል...ወዘተረፈ ዝነጠፍኩምን ዘገልገልኩምን መ/ዓለም ንኣገልግሎትኩም ይባርኽ ኣብ ዓንደ-ወርቂ ከኣ ይጽሓፈልኩም። ንመ/ሓኔዓለም ኣብ ምግልጋል፡ ሓድነት እዚ ቤተክርስትያን ኣብ ምዕቃብን ንረብሓን ጥቕምን ኩልና ምእመናንን ምእመናትን እዛ ቅድስቲ ደብሪ ሰላም፡ ብዘይ ኣፈላላይ ቀጻልነታ ኣብ ምርግጋጽ ጸኒዕኩም ክትቃለሱ ንላበወኩም። ወነንቲ ናይ ባዕልና ዝኹነ ቤተክርስትያን ምእንቲ ክንከውን፡ ኣብ ዝደለናዮ እንኽፍታን እንግልገለላን፡ ክልተ ኢዳ ናብ ሰማይ ሓፍ ኣቢላ እትልምን ደ/ሰላም መ/ዓለም ከነረጋግጽ፡ ብሓልዮት፣ ብትብዓትን ብቑራጽነትን ሓቢርና ንቕድሚት ንስጉም። ንሕና ኤርትራውያን ህርኩታት ኢና፣ ብጽፍርና ኢና እንነብር፡ ግን ብሓባር ምሥራሕ እቲ ዝለዓለ ጥቕሚ ከም ዝህብን ከም ዘለዎን ፈሊጥና፡ እጅገና ሰብሲብና ንሥራሕ። ኣባላት ደብረሰላም ንጽንዓትኩምን ንሓበራዊ ጥቕሚ ኩልና ኣብ'ዚ ደብሪ ሰላም እትገብሩዎ ወለንታዊ ኣገልግሎትኩም ዝላዐለ ምስጋናና ነቕርበልኩም። መ/ዓለም ሰላምን ጥዕናን ይሃብና።

እንቋዕ ናብ በዓለ ሆሳዕና ብሰላም ኣብጸሓና። ብርሃን ትንሣኤኡ ከኣ ብሰላምን ብፍቕሪን የብጸሓና።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ
እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።

***ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም፡ Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem***

Email: debreselammedhaniealem@gmail.com: Website: www.debreselam-medhaniealem.com
Amstelveenseweg-965, 1081 JG Amsterdam Nederland

The Eritrean Orthodox Stichting Medhanie Alem Church Tewahdo Amstelveen Amstelland